ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ
ኣሰናዳኢት ሽማግለ

المجلس الوطني الارتري للتغيير الديمقراطي
اللجنة التحضيرية

Eritrean NationalCouncil for Democratic Change
Preparatory Committee

# መግለጺ ኣሰናዳኢት ሽማግለ
# 2ይ ሃገራዊ ጉባኤ ንሃገራዊ ባይቶ ቁጽሪ (2)

ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዕማማታ ብትዕግስቲን ዕቱብነትን ከተካይድ ብድሕሪ ምጽናሓ፡ ካብ ዕማማ ናይ 2ይ መድረኽ ውጥን፡ ሰለስተኡ ንድፌታት ጉባኤ (ፖለቲካዊ ቻርተር፣ ሕገ ህንጻ፣ ካርታ መንገዲ) ብዘዐግብ ደረጃ ብምዝዛማ፡ ኣብ መእከልን ዞባታትን ምስ ብዙሓት ሽነኻት ምይይጥ ንምጅማር፡ እንሆ ሎሚ ናብ'ቲ ቅድሚ ጉባኤ ዝርከብ ናይ መወዳእታ ውጥን 3ይ መድረኽ ዕማማ ትሰጋገር ኣላ ። ከምኡ'ውን ኣብ ዞባታትን ዝተፈላለዩ ቦታታትን ምቛም ተሓጋገዝቲ ሽማግለታት ብምስላጥን፡ ምይይጥ ብከመይ ከም እትጅምርን፡ ርእይቶ ህዝብን ሕጹያትን ብከመይ ናብ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ከም እተቀርብን ዝስርዕ ኣድላይ መምርሒ ኣዳልያትለን ትርከብ።

ብተወሰኺ ምስ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን፡ ምስ ብርክት ዝበሉ መራሕቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ብምምኽኻር፡ ብዛዕባ'ቲ ካብ ጉባኤ ዝድለ ዘሎ ሰፊሕ ፍሬምን፡ ኣንፈት ንድፌታትን ቁጽሪ ጉባኤኛታትን ዝምልከት ርኢቶታቶም'ውን ሰመዐት። ምስኣቶም ኮይና ድማ ጉባኤ ብዕለት 15 ነሓሰ 2015 ክጅመር ወሰነት። ምስኣቶምን፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ዘገድሶምን ምምኽኻር ክትቕጽል'ያ።

ኣሰናዳኢት ሽማግለ፡ ካብ ግልጽነትን ሓልዮትን ብምብጋስን፡ ምስማዕ ካልእ ርኢቶ ዘሎዎ ክብሪ ብምርዳእን፡ ምስ ፖለቲካዊ ውድባትን ኣባላት ሃገራዊ ባይቶን ምምኽኻር ክትቕጽሎ'ያ። ኣብ ጉባኤ ዝቐርቡ ናይ መወዳእታ ንድፌታት ንምድላው፡ ንኩሎም ኣብ ንድፌታት ዚህልዎም ርኢቶታቶም ብቕልጡፍ ምልኣኽ ተማሕጽን።

ዓወት ንዲሞክራስያውን ፍትሓውን ሕቶ ህዝቢና

ኣሰናዳኢት ሽማግለ 2ይ ሃገራዊ ጉባኤ ንሃገራዊ ባይቶ

6 ሰነ 2015